# ቅልዕቲ ደብዳቤ ናብ መራሕቲ ኲለን ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ

ትቅደሙ ኣለኹም

ትማል ዓርቢ 20 ጥሪ 2017 ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ: ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ዕድመ ሂወቱ ነጻነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ምድላይ ዘሕለፎን: ሓደ ካብ ኣርካናት ሰውራን ደምበ ደላይ ፍትሕን ነበር ሓርበኛ ዶክቶር ሃብተ ተስፋማርያም ኣብ ሃገረ ጀርመን ከተማ ቦን ብ ብርክት ዝበሉ አባላት ስድራቤት: የዕሩኽቱ: ናይ ነዊሕ ዓመታት ብጾቱን መቃልሰቱን ተዓጂቡ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። ምፍላይ ናይ ዶክቶር ሃብተ ብቀንዱ ንስድራቤቱ: ብሓፈሻ ከኣ ነቲ ገና ኣብ ዘይጥጡሕ መንገዲ ዝርከብ ደምበ ደላይ ፍትሒን ግስጋሲኡን ዓቢ ሃሰያ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት: መጀመርያ ንቃልሲ ኣንጻር መግዛእታዊ ዓመጽ: ድሒሩ ከኣ ነቲ ድሕሪ ምርግጋጽ ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ዝተተኸለ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣይፋል ንምባል ካብ ቃለሲ ናብ ቃልሲ ዝተሰጋገርኩም መራሕቲን ኣባላትን ተቃወምቲ ሓይልታት ብሓባር እትጠምረኩም ተመሳሰለኩምን ሓደ አሰካፊ ሮቃሒ ይርአ ኣሎ። ንሱ ድማ ዕድመ ምድፋእን ምስኡ ተኣሳሲሩ ክስዕብ ዝኽእል ጥዕናዊ ሽግራትን እዩ። መብዛሕትኹ ነቲ ቃለሲ ኣብ ምምራሕን ዝጸናሕኩምን ዘለኹምን ሃገራውያን: ናብ ሰውራ ኣብ ንኡስ ዕድሜኹም ዝተጸንበርኩም ኮንኩም: ድሒሩ ንዝሓለፈን ዝሓልፍ ዘሎን መዋእል ዕድሜኹም ካብቲ ዓነኬል ቃልሲ ከየላገስኩም ትሳለዩ ኣለኹም። ኣብዚ: ካብ ዝደቐቐ ክሳብ ዝዓበየ ዓይነታት መስዋእቲ ዝሓተተኩምን ዝሓተኩም ዘሎን ቃልሲ: ዘርኣኹሞ ተወፋይነትን ዝወሰድኩሞ ተባዕ ውልቃውን ገድላውን መርገጺታት ኣካል እቲ  እንሕበነሉ ታሪኽና ከኸውን ሙኻኑ ዝስሕቶ የለን።

እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ: ኣብ ገለ እዋን ተስግሉ ከይትህልዉ ድማ እስከፍ።እቲ ምስጋል: ሓንሳብ ጥራሕ ዘይኮነስ እንታይ ደኣ: ካልኣይ ሳልሳይ። ነናሻዕ ዝደጋገም ምስጋል። ነዚ ከብል ዘኸኣኒ እንኮን ቀንድን ምኽንያት:  ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ገድልኹም ብሓፈሻ: ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ኣንጻር ውልከምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ትገብርዎ ዘለኹም ጥምጥም: ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዘለኩም ዝምድና ንሓደ ዝላሕለሐ ገመድ ብዙሕ ግምት ዘይወሃቦ የዘኻኽረካ። ህዝቢ ኣባኹምን ናባኹምን ዘለዎ ኣተኩሮ ወይ ውን ግምት ብመንጽር እቲ ነዊሕ ዓመታት ዝኸፈልኩምሉ ዋጋ ክረአ እንከሎ ሚዛኑ ዝሓለወ ኣይመስለን። ብሓጺሩ እቲ ምስጋል ዝጠንቁ ሳዕቤናት ብዙሕ እኮ እንተኾነ: ህዝቢ ነዚ ትምርሽሉ ዘለኹም ሓቀኛ ጎደና ኣለሊዩ ከይጽንበሮ ዓጊቱ ሒዝዎ ዘሎ ጉዳይ እምነት ኣባኹም ኣብ ልዕሊ ትዓይዎ ዘለኹም ዕማማትን ግን ከምቲ ቅድም ኢለ ዝበልክዎ ብተርታ ኣብ ላዕሊ ይርከብ። ህዝብና ኣብ ጎደናኹም ተጸንቢሩ ከየሳልየኩም ወይ ውን በቲ ዝተሓተ መዐቀኒ ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል: ነቲ ተበርክትዎ ዘለኹም ትውፊት ኣለልዩ ኣኽብሮት ከይልግሰልኩም ዝገብሮ ዘሎ ረቛሒ እንታይ ኢዩ ዝብል ሕቶ ምምላስ እመበኣር ኣቀዲሙ ተላዒሉስ ግቡእ ምላሽ ክወሃቦ ዝግባእ እኮ እንተነበረ:  ሕጂ ውን ከምቲ ለባማት 'ክንብል በለ እምበር ኣይተኻዕወን' ዝብልዎ ክቱጎስይዎ ዘይብልኩም ኣገዳሲ ኣርእስቲ ይመስለኒ። ከም ርኢቶይ ነዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ጉዳይ ክትምልሱ ምስ እትጅምሩ ኢኹም: ገለ ካብቶም ኣብ ዝሓለፈ ጉዕዞኹም ዝገበርኩሞምን ንቃልሲ ከምቲ ዝድለ ኣድማዒ ክይገብሮ ዘጎናደበ ግን ከአ ክእለ(avoidable) ዝኽእል ዝነበረ ተርኽቦታት ብግብእ ክትርአረይዎን ክትምርምርዎን ትኽእሉ። ብቀንዱ እቲ ዓወት እምነት ህዝብኻ ምስ ክሰብካን: ትርግታ ልቢ ህዝብኻ ምስ ስማዕካን እዩ ክርከብ ዝኽእል።

እምበኣርከስ ነዚ ኣቀድም ኣቢለ ዝበለክዎ ጉዳይ ግዜ ዘይህብ ህጹጽን እዋናዊን ዝገብሮ ምኽንያት: ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ: መብዛሕትኹም ዕድመ ኣብ ምድፋእ ስለ እትርከቡ: እንተወሓደ ኣካል እቶም ዕድለኛታት ኮይኖም ንፋስ ሓርነት ሃገርና ከስተማቕሩ ዝበቕዑ ክትኮኑ ስለዘለኩምን ዝግበኣኩምን እዩ። ብዙሓት ካብ ብጾትኩም ን ዶር.ሃብተ ሓዊስካ ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታት ድሕሪ ነዊሕ ገድላዊ መገዶም: ነታ ሓንሳብ ክረኽብዋ እሎም ዝወጹ ናጽነት ንምምጻእ ምስተፈለይዋ ዘይተመልስዋ ጎጆኦም ከይረኣይዋ ኣብ ስደት ክሓልፉ መሪር ዕጨኦም ኮይኑ እዩ። መትከላዊ ኮንካ አብ ዝዓገብካሉ ዕላማ ምንባር ዘሐብን እኮ እነተኾነ ነቲ ዕላማ ኣብ መዓልብኡ በጺሑ ምርኣይ ግን ካልእ ዘተፈልየ ሓበንን ሞሳን እዩ።

እምበኣርከስ ዝኸበርኩም ኣያታትን መራሕቲን ናይ ለውጢ ሓይልታት: መስዋእቲ ናይ ከም በዓል ዶክቶር ሃበተን ካልኦትን ከም ደወል ብምሕሳብ: ነዚ ላሕሊሑ ኣብ ገምገም ምብታኽ በጺሑ ዘሎ እመነት ህዝቢ ኣብ ምምላስን:  ኣብ መገዲ ዘሎ ቃለሲ ኣብ መዐለቢኡ ኣብ ምብጻሕን እዋን ዝሓቶ ተራ ክትጻወቱ ይምሕጸን።

ዓወት ንዴሞክራስያዊ ቃልስና!
ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!

ወደብ ቴድሮስ
21 ጥሪ 2017

